# ተራ ግሉጽነትን ነጻ ፕረስን ኣብ ዲሞክራስያዊ ምሕደራን
# ምእንትኡ ዝኸፈል ዋጋን

**ታደሰ ኪዳነ     በርሚንግሃም**

ወርሒ መስከረም ኣብ ታሪኽና፡ ክልተ ዓበይቲ ፖለቲካዊ ለውጥታት ዝተራኣየላ ወርሒ ኢያ። ባሕቲ መስከረም 1961 ዓ. ም ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ጎነጽ ተሰጋጊሩ። 18 መስከረም 2001 ዓ.ም ድማ፡ እግሪ ክተክል ጀሚሩ ዝነበረ ትካላት ፕረስ ሃገርና - እንተላይ ኣባላቱ፡ ብዘይ ንሕስያ ተጨፍሊቖም። ሎሚ ኣብ ወርሒ መስከረም ኮይነ፡ ብዛዕባ ግሉጽነትን ነጻ ፕረስን፡ ከምኡ`ውን ምእንትኡ ዝኸፈል ክቡር ዋጋን ክጽሕፍ ከለኹ እምበኣር፡ ንኽብረ`ቶም ምእንትኡ ክቡር ህይወቶም ዝኸፈሉ ሓለፍትን ጋዜጠኛታትን ንምዝካር ኢዩ። ንሳቶም ዝነበሮም ሓሳባትን ፖለቲካዊ ኣጠማምታን ብጽሑፍ ገሊጾም እምበር፡ ተኲሶም ዝቐተልዎ ሰብ ወይ ዘነዓዓብዎ ጎነጽ ኣይነበረ። ሓቅን ግሉጽነትን ክሳብ ክንድኡ ህይወት ዘጥፍእ ዝኾነሉ ምኽንያት ግን እንታይ ኮን ይኸውን?

**<u>ግሉጽነት ከም ኣምር፡</u>** - ግሉጽነት ንዝረኣኻዮን ዝሰማዕካዮን ከይሓባእካ፡ ከይወሰኽካን ከይነከኻን፡ ከም ዘለዎ ምግላጽ / ምዝራብ ማለት ኢዩ። ግሉጽነትን ሓቅን ዋግኡ ኣዝዩ ክቡር ኢዩ። ከምኡ ስለ ዝኮነ ከኣ፡ ዝኾነ ውድብ፡ ማሕበር፡ ምንቅስቓስ ዋላ`ውን ውልቀ-ሰብ ከይተረፈ፡ ጌጋታቱ ኣብ ህዝቢ ክስማዕ ኣይደልን`ዩ። መንግስቲ`ውን ጌጋታቱ ክሓብእ ኢዩ ዝፍትን። ከም ገለ እንተወጺኡ ድማ ይኽሕዶ ወይ ኣሉታ ይህበሉ። ከም ድላዩ ዝእዝዞ ሰራዊትን ትካላት ጸጥታን እንተሃልዩዎ ድማ፡ ብዘይ ንሕስያ ይጭፍልቖ።

**<u>ግሉጽነት ኣብ ማሕበራዊ ህይወት፥ -</u>**

**<u>ኣብ ሓዳር፡-</u>** ክልተ መጻምድቲ ኣብ ኩሉ ናብርኦም ግሉጽነት እንተ ዘይሃልዩዎም ይፋትሑ ወይ ሕማቕ ሓዳር ይህዎም።

**<u>ኣብ ኮምዩኒቲ /ሓንቲ ዓዲ፡</u>** - ቅንዕናን ግሉጽነትን ዘይብሉ ዓዲ፡ ወይ ጥርናፈ - ህይወት የብሉን። ኩነታት ናይዞም ኣብ ደገ እንነብር ኤርትራውያን ድማ ንጹር ኣብነት ናቱ ኢዩ። ቊጽርና ውሑድ፡ ረብሓና ሓደ ክንሱ - ኣተሓሳስባና ግን ዘይራኸብ ኮይኑ ኣሎ።

**<u>ግሉጽነት ምስ ሚድያ (ፕረስ) ዘለዎ ምትእስሳር፡</u>** -

ትርጉም ግሉጽነት ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ኮይኑ፡ ፕረስ ከም ትካል ድማ ልሳን ህዝቢ ኢዩ። ንጽቡቕን ሕማቕን ተግባራት ናይቲ መንግስቲ፡ ንተበግሶን ንጥፈታትን ውልቀ-ሰባት፡ ማሕበራት፡ መንግስታውን ውልቃውን ትካላት እንተላይ ቅርዑይን ብልሹውን ኣሰራርሓ ሰበ-ስልጣን ናይቲ ስርዓት እናመዝገበ ናብ ሰማዒ የቕርብ። ሚድያ /ፕረስ እምበኣር፡ መንግስቲ ምስ ህዝቢ ዝራኸበሉ፡ ወይ እቲ ህዝቢ፡ ኣብቲ ሃገር ወይ ከባቢኡ እንታይ ይግበር ከም ዘሎ፡ ዝፈልጠሉን ዝከታተለሉን ኣገባብ ኢዩ።

**<u>ፕረስ ክልተ ጠባያት ኣለዎ፡ -</u>**

**ሀ. <u>ብመንግስቲ / ፖለቲካዊ ውድብ ዝውነን ፕረስ፡-</u>** መንግስቲ ይኹን ፖለቲካዊ ውድብ፡ ንሓቅታት ብምጥምዛዝ ወይ ናይ ሓሶትን ኣጋንኖን ወረታት ብምዝርጋሕ፡ ኣብ ህዝቢ ዘለዎ ተቐባልነትን ተሰማዕነትን ከዕብን ከረጋግጽን ይጽዕር። እዚ ድማ መብዛሕትኡ ዝተጠምዘዘ፡ ዝተጋነነ ወይ ብሓሶት ዝተጀለሐፕረስ ክንብሎ ንኽእል።

**<u>ለ. ነጻ ፕረስ፡</u>** - ብርግጽ ትካላት ፕረስ ብውልቀ-ሰባትን ትካላትን ስለ ዝተወነነ፡ `ካብ ረብሓታት፡ ስምዒታትን ድሌታትን ወነንቱ ነጻ ኢዩ` ኢልካ ምዝራብ ዝከኣል ኣይኮነን። ዕዳግኡ ህዝቢ ክሳብ ዝኾነ ግን፡ ንድሌታትን ስምዒታትን ህዝቢ ከንጸባርቕ ክግደድ ኢዩ። ብፍላይ ብዝሕ ዝበላ ተወዳደርቲ ናይ ብሕቲ ትካላት ፕረስ እንተልየን፡ ዘይተጋነነን ናብ ሓቂ ዝቐረበን ሓበሬታ ከቕርባ ይግደዳ ኢየን። ነጻ ጋዜጣታትን ናይ ሲቪክ ማሕበራትን ኣብ ዘለዋ ሃገር ድማ፡ ጸገማት ህዝብን ሕጽረታት መንግስትን ይጽብጽባ። ሓያል ፕረስን ናይ ህዝቢ ትካላትን እንተልዩ ድማ፡ መንግስቲ - ኣከያይድኡ ግልጺ ክገብር ይግደድ። ኣብዚ ድማ ኢዩ ግሉጽነት ምስ ፕረስ ምትእስሳርን ናይ ትርጉም ውህደት ዝህልዎን።

ግሉጽነትን ነጻ ፕረስን እምበኣር፡ ኣብ ፖለቲካ ካብ ዲሞክራስያዊ ምሕደራ ፈሊኻ ዝረአ ኣይኮነን። ዲሞክራስያዊ ምምሕዳር`ውን ካብ ግሉጽነትን ነጻ ፕረስን ዝፍለ ኣይኮነን። ክልቲኡ እንተዘይሃልዩ፡ ዲሞክራስያዊ ምሕደራ የለን። ሰበ-ስልጣን ድማ ኩሉ ግዜ ንግሉጽነትን ነጻ ፕረስን ይፈርሕዎን ክጉዕጽጹዎ ይፍትኑን። ኣብ ገለ ድማ ኣጸቢቖም ይደቁስዎ።

**<u>ነጻ ፕረስን ግሉጽነትን ኣብ ተመክሮ ካልኦት ሃገራት፡ -</u>**

**<u>ሀ. ሕብረት ሶቬት፡</u>** - ግላስኖስትን ፕረስትሮይካን ዝበሃል ናይ ጎርቫቾቭ ፖሊሲ ንሕብረት ሶቬት በታቲኑዋ። ሰልፊ ቮልቸቪክ ግሉጽነት (ግላስኖስት) ምስ ኣተኣታተወን፡ ዝነበሮ ቁጠባውን ፕለቲካውን ጸገማት ብግልጺ ክዛረበሉ ምስ ጀምረን፡ - ዩክሬን፡ በላሩስ፡ ላቲቭያ; ኢስቶንያ፡ ሉቲወንያ፡ ኣዘርባጃን፡ ጆርጅያ፡ ኣርመንያ፡ ሞልዶቭያ፡ ካዛኪስታን፡ ኪርጊዝስታን፡ ታጂኪስታን፡ ኡዝበኪስታን ዝበሃላ 13 ሃገራት ካብ ግዝኣት ሩስያ ነጻ ኮይነን።

**<u>ለ. ቻይና፡</u>** - ኣብ ከባቢ 1990 ዓ.ም ኣቢሉ፡ ግሉጽነትን ነጻ ፕረስን ዝጠለቡ ኣሽሓት ቻይናውያን ኣብ ቀይሕ ኣደባባይ ብታንክታት ተረጊጾም።

**<u>ሐ. ኣብ ሃገራት ምዕራብ፡</u>** - ሰበ-ስልጣን ንሚድያን ፕረስን ኣዝዮም ይጥንቀቑለን። ንዝተጻሕፈ ወይ ድማ ንዝተዘርበ ነገር፡ ቀልጢፎም ከዐርይዎን ምኽንያታት ክፈጥርሉን ይፍትኑ። በዚ ድማ መንግስቶም ቁጠባውን ፖለቲካውን ርግኣት ዘለዎ ኮይኑ ይኸይድ።

# ግሉጽነትን ሚድያን ኣብ ተመክሮ ሃገርና ፥

እዚ ከም ውድብን ከም መንግስትን ኢልካ፡ ኣብ ክልተ ከፊልካ ክረአ ይከኣል።

**<u>ሀ. ከም ውድብ፡</u>** - ኣብ ሀ. ግምባር ኣርባዕተ (4) መስመራት ዝሓዘ መራኸቢ ነይሩና። ንሱ ድማ፡ - 1. ኣኼባታትን ሰሚናራትን 2.ድምጺ ሓፋሽ (ሬድዮ) 3. መጽሔታት (መሪሕ፡ ማሕታ፡ ተዓጠቕ፡ ፍጻሜታት፡ ቡለቲን) 4. ባዶ ሰለስተ
. . . ኣርባዕቲኡ ድማ ካብ ሓንቲ ርእሲ ዝወጽእን ኣዝዩ ዝተወሃሃደን ኢዩ። ብጥንቃቐን ተጸሚቑን ድማ ኢዩ ዝቐርብ።
ኣብ ጉዕዞ ሰውራ ድማ ኣሉታውን ኣዎንታውን መዳያት ነይሩዎ ኢዩ።

**ኣዎንታዊ መዳዩ፡ -**

ኣብ ብምሉኡ ኣባል ናይቲ ውድብ፡ ከከም ዝነበሮ ናይ ሓላፍነት ጽፍሒ፡ ብማዕረ ስለ ዝበጽሕ፡ ብምሉኡ ኣባል ናይቲ ውድብ፡ ከከምቲ ዝነበሮ ደረጃ ሓላፍነት፡ ሓደ ዓይነት ርእይቶን ዝተቐራረበ መረዳእታን ነይሩዎ። ኩሉ ኣባል ልክዕ ከም ሓደ ሰብ ሓደ ዓይነት ኣተሓሳስባ ክህልዎን ሓደ ቋንቋ ንኽዛረብን ኣኽኢሉዎ ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ዝኾነ በቲ ውድብ ዝወሃብ ናይ ስራሕ ዕማም (ውሑዳት ዝፈሸሉ ገዲፍካ) ብፍላይ ኣብ ወታደራዊ መዳይ ምሉእ ብምሉእ ይዕወት ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ስለምንታይ ይዕወት ነይሩ? ንዝብል ሕቶ ድማ መልሱ ፡- እቲ ዝካየድ መጽናዕቲ ጽፉፍን ግሉጽን ኮይኑ፡ ነቶም ነቲ ዕማም ክፍጽሙ ዝተዳለዉ ኣካላት ድማ ብግልጺ ይንገሮም ስለዝነበረ፡ ኣብ መንጎ ተጋደልትን ኣዘዝትን ድማ ምትእምማን ፈጢሩ።
እቲ ዝሕፈስ ዝነበረ ኣንጸባራቒ ወታደራዊ ዓወታት ብግዲኡ፡ ኣብ መራሕቲ እምነት ከነሕድርን፡ ንዓና ንተጋደልቲ ድማ ዝያዳ ክጠምረናን ኪኢሉ።

**ኣሉታዊ መዳዩ፡ -**

ኩሉ ተጋዳላይ በቲ ውድብ (ብላዕሊ) ንዝመጽእ ሓበሬታ ጥራይ ይሰምዕ ስለ ዝነበረ፡ (ንሱ`ውን ነቲ ጸጽቡቑን ተጋኒኑን ተጸባቢቑን ዝመጽእ) ኣብ መራሕቱ ሕሉፍ እምነት ኣሕዲሩ። ብዘይካ`ተን ክብ ኢለን ዝጠቐስኩወን 4 መራኸቢ መስመራት፡ ብኻልእ ዝመጽእ ጎድናዊ ሓበሬታ፡ ብጥንቃቐ ይተሓዝን፡ ኣብ ገለ ድማ ብዘይንሕስያ ይህረምን ነይሩ።
ተጋደልቲ ከም BBC. VOA .ራድዮ ጀርመን (ቮቸቨለ) ካልኦት ናይ ዓረብ ቻነላትን ይሰምዑ ኣይነብሩን ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። እዚ ግን ብካልኦት ዝፍኖ (ግዳማዊ) ስለ ዝኾነ፡ ነቲ በቲ ውድብ ዝወሃብ ሓበሬታታት ብፍጹም ዝዳረግ ኣይነበረን። “ብጸላእትን ሃጸያውያንን” ዝዝረብ ስለ ዝኾነ ድማ ኣብቲ ሕማቕ (ተጻራሪ) መዳዩ ፍጹም ዝእመን ኣይነበረ።
ብሰንኪ`ቲ ዝነበሮ ጸቢብ ሓበሬታ ድማ ዳርጋ ኩሉ ተጋዳላይ ጻምኡን መሰሉን ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ቃልሲ ዘይኮነስ፡ ካብ ሰናይ ድሌት ናይ ሓለፍቱ ጥራይ ከም ዝጽበ ገይሩዎ ክበሃል ይከኣል።

**<u>ለ.ተመክሮና ከም መንግስቲ፡</u>** - እዚ ኣብ ሰለስተ መድረኻት ከፋፊልካ ክረአ ዝከኣል ይመስለኒ።

**1. ካብ 1991 - ክባቢ 1995/6 ዝነበረ እዋን ፥** -ድምጺ ሓፋሽ፡ ሓዳስ ኤርትራ፡ ባዶ ሰለስተ፡ እንግሊዝ ንዘንብቡ ድማ Eritrean profile ጥራይ ዝነበረሉ እዋን። ሰለስቲአን ካብ ሓደ ርእሲ (ካብቲ ስርዓት ጥራይ) ይምንጭዋ ነይረን።

**2. ካብ ከባቢ 1995/6 ክሳብ መስከረም 2001**፡ - ብርክት ዝበላ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ክሕተማ ስለ ዝጀመራ፡ ህዝቢ ተዛማዲ ሓበሬታ ይረክብ ነይሩ። ንድምጺ ሓፋሽን ሓዳስ ኤርትራን ገዲፉ፡ ኣድህቦኡ ናብተን ናይ ውልቂ ጋዜጣታት ቀይሩ። ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ከይተረፉ፡ ዝነበሮም ዕቃበታትን ናይ ውልቆም ፖለቲካዊ ኣጠማምታን ብመንገዲ እተን ጋዜጣታት ንህዝቢ ይገልጹ ነይሮም። ኣብ ዕድመና፡ ነጻ ፐረስ ዝረኣናለን ዓመታት እንተ ነይረን፡ ኣብዘን ዓመታት እዚኣተን ጥራይ ኢዩ።

**3. ካብ 18 መስከረም 2001 ዓ.ም ንደሓር፡** - ዋጋ ግሉጽነትን ነጻ ፐረስን ኣዝዩ ክቡር ምዃኑ፡ ብግብሪ ዘረጋገጽናሉ እዋን ኢዩ። ኩሎም እቶም ኣብተን ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ዝሰርሑ ዝነበሩ ጋዜጠኛታት ከካብ ገዝኦም እናተኣርዩ ተቀይዶም። ኩሎም ኣብተን ጋዜጣታት ንመንግስቲ ዝነቕፍ ጽሑፋት ዘውጽኡ ውልቀ-ሰባት፡ እንተላይ ላዕለዎት ሓለፍቲ ድማ፡ ስለ`ቲ ግሉጽነቶምን ነጻ ርእይቶኦምን ህይወቶም ከፊሎም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ሓዳሮምን ደቆምን ፋሕ- ፋሕ ኢሉ። በዚ ድማ ዋጋ ግሉጽነትን ነጻ ፐረስን ኣዝዩ ክቡር ምዃኑ ብግብሪ ርኢናዮ።

## <u>2. ዋጋ ግሉጽነትን ነጻ ፐረስን</u>

**<u>ኣህጉራዊ፡</u>** -

**ሀ.** ኣብ ሕብረት ሶቬት ምብትታን ግዝኣት ሩስያን፡ ናጽነት 13 ግዙኣታ ዝነበራ ሃገራትን ኣስዒቡ። ምድኻም ሕብረት ሶቬት ብግልጺ ንዓለም ነጺሩ። ናይ ዋርሶው ወታደራዊ ውዕል ፈሪሱ። መራሕቲ ሕብረት ሶቬት በቲ ምእኩል ቁጠባን ዓፉኒ ፖሊሲኦምን ንምዕራባዊ ዓለም ይኹን ንመቐናቐንቶም ዝነበረ ወታደራዊ ኪዳን ኔቶ ከም ዘይተወድደርዎ ተኣሚኖም።

**ለ.** ኣብ ቻይና፡ ኣብ ቀይሕ ኣደባባይ ዝተፈጸመ ጭፍጨፋ ንዓለም ኣገሪሙ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ታሪኽ ደሳዊ ሰልፊ ቻይና ሓደ ጸሊም ነጥቢ ኣቐሚጡ ሓሊፉ። ሎሚ ዝወጹ ዘለዉ ጽሑፋት፡ ነቲ ደሳዊ ሰልፊ ቻይና ኣብ እዋን ቃልሲ ብማኦ ዝተፈጸሙ ገበናት ይወጹ ኣለዉ። ገለ ካብኡ ኣብ ኲናት ንተቐናቐንቲ ብሑቖ ምህራም፡ ንዓበይቲ ወታደራውያን መራሕቲ፡ ኣብ ዘይዕወትሉ ውግእ ኣእቲኻ ከም ዝሞቱ፡ ከም ገለ ብህይወት እንተወጺኦም ከኣ ብጠንቂ ፍሽለት ተኸሲሶም ከም ዝርሸኑ ብምግባር፡ ብዙሓት ኣብ ቀጻሊ ንስልጣን

ማኦ ዘስግኡ ሰባት ይሓቁ ምንባሮም ይዝረብ ኣሎ። (ምንጪ THE UNKNOWN STORY, MAO ZEDONG ዝብል መጽሓፍ ምውካስ ይከኣል)

**ኣብ ተመኩሮ ሃገርና፡ -**

**ቅድሚ ናጽነት ኣብ ውድባት ኤርትራ፡ -** ኣብ ህ. ግምባር ኣብ 1973ን ከምኡ`ውን ኣብ 1976 ድሕሪኡን ከም በዓል ሙሴ ተስፋሚካኤል፡ ዮውሃንስ ስብሃቱ፡ ታረቀ ይሕደጎ፡ ተወልደ ኢዮብ ዘለዉዎም ፍሉጣትን፡ ከም በዓል ኣማረ ትኩእን ብርሃነ ገብረመስቀልን ዝበሉ ብዙሕ ዘይተዘርበሎም መንእሰያትን ምሁራትን፡ ግሉጽነት ይሃልወና` ስለ ዝበሉ ጥራይ ህይወቶም ስኢኖም።

ኣብ ተ. ሓ. ኤ. ኣብ 1965 ክሳብ 1968 (ዘመነ ክፍልታት)፡ ኣብ ከባቢ 1977 ዓ.ም (ናይ ፋሉልን የሚንን ምንቅስቓስ) ከምኡ`ውን ኣብ 1981/82 ጀብሃ ሱዳን ምስ ኣተወት፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ብዙሓት ሃገራውያን ተቐንጺሎም ኢዮም።

እዞም ዝጠቐስናዮም ፍሉጣት ስለ ዝኾኑ እምበር፡ ዝኾነ "ገለ ነገር ይፈልጥ ኢዩ" ወይ "ርእዩን ሰሚዑን ክኸውን ይኽእል ኢዩ" ዝበሃል ተጋዳላይን ሲቪልን ክሳብ ዕለተ ናጽነት ይህደንን ብቓጻ ይጠፍእን ነይሩ። ዋላ ካበተን ውድባት ዝሃደሙ ከይተረፉ፡ ዝረኣዩዎን ዝሰምዑዎን መታን ከይዛረቡ፡ ኣብ ዘዝኣተውወን ሃገራት ይህደኑን ይቕተሉን ነይሮም ኢዮም። *(ብዛዕባ'ዚ ቃለ-መጠይቕ የማነ ተክለገርግስ ኣብ ራድዮ ወጋሕታን ራድዮ ኣሰናን ምውካስ ይከኣል)*

**ድሕሪ ናጽነት፡ -**

ኣብ ጽባሕ ናጽነት ኩሎም "ገለ ሚስጥር ይፈልጡ ኢዮም" ዝበሃሉ፡ ኣብ ኤርትራን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ፋሕ ኢሎም ኣብ ሰላማዊ ናብራኦም ዝነብሩ ሰባት፡ ተተሃዲኖም ንሱ ዝኣንፎም ከም ዝጠፍኡ ኮይኖም። ተስፋሚካኤል ጆርጆ ሓደ ኣብነት ናቶም ኢዩ።
ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ድማ፡ ዝኾነ ብጩቕ ኢሉ ሚስጢር ዘውጽአ ሓላፊ ወይ ገዲም ተጋዳላይ፡ "ሕማም ልቢ ሓሚሙ" ወይ ድማ "ሓደጋ ኣጋጢሙዎ" እናተባህለ ክጠፍእ ጸኒሑ።
ኣብ መስከረም 2001 ዓ.ም ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግምባርን፡ ከምኡ`ውን ኩሎም ናይ ብሕቲ ጋዜጠኛታትን ብግልጺ ስለ ዝጸሓፉን ስለ ዝተዛረቡን ጥራይ፡ ኣብ ህይወቶም፡ ደቆምን ስድራ-ቤቶምን ብዙሕ ግፍዕታት ወሪዱ።
ኣብዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ እምበኣር፡ ዝረኣኻዮን ዝሰማዕካዮን ምዝራብ ማለት ባዕልኻ ንህይወትካ ምፍራድ ወይ ድማ ነብስ ቅትለት ምፍጻም ማለት ኢዩ። ዋጋ ግሉጽነትን ነጻ ፕረስን ድማ እዚ ኢዩ።

## 3. ገዛእቲ ንግሉጽነትን ነጻ ፕረስን ንምጭፍላቕ ዝጥቀምሉ ሜላ

**ሀ**. ቅንጸላ፡ ንዝኾነ ንሳቶም ዘይደልዩዎ ወረ ዘምጽእ ሰብ፡ ዋላ ቅኑዕ`ውን ይኹን፡ ትዕድልቱ ጭውያን ቅንጸላን ኢዩ
**ለ.** ነቲ ሓቅታት ዝብውዝን ንተጣበቕቲ ግሉጽነት ዘካፍእን ዘነኣእስን ቀንጻሊ ናይ ባዶ ሰለስት ወረታትን ሓሶታትን ብብዝሒ ይዝርግሑ።
**ሐ. `ፕረስ ነጻን ሓላፍነታውን ኢዩ` ይብሉ፡** - ብዛዕባ`ዚ፡ ኣብቲ ኣብ ዕለት 23/02/2013፡ "ተራን ምጥርናፍ መንእሰያትን፡ መድረኻት ፖለቲካዊ ተቓውሞን" ኢለ ካብ ዝጸሓፍኩዎ (10ይ ክፋል) ቆንጪለ ከቕርብ ኢየ።
*"እዚኣ ኩሎም መለኸቲ ስርዓታት ዝጥቀሙላ ኮይና፡ ህግደፍ ሰባት ንምጭፍላቕ ክጥቀመላ ጸኒሑ፡ ኣብ ገለ ውድባት ናይ ደምበ ተቓውሞ ድማ ክዝረብ ንሰምዖ ኣለና።*
*"ቀጺሉ ዝመጽእ ሕቶ `ስለምንታይ ኢዮም መለኸቲ ነታ "**ሓላፍነታዊ**" ትብል ሓረግ፡ ምስ ፕረስ ኣጸጊዕም ዘምጽእዋ? ዝብል ኢዩ። እዛ ሓረግ እዚኣ ብመደብ ነቲ ሰቡ-ስልጣን ዝገብርዎ ጸይቅታት፡ ኣብ ህዝቢ ከይቀርብን ከይቅላዕን ተባሂላ ዝኣተወት ኢያ። ንሳ ኣብ ሕጊ ፕረስ እንተልያ ድማ፡ መራሕ ሃገር ወይ ዝኾነ በዓል ስልጣን ኣብ ብልሽውና ምስ ዝኣቱ፡ ወይ`ውን ብዋጋ ናይ ገለ ከባቢታት ንኻልኦት ዘርብሕ ስጉምቲ ምስ ዝወስድ፡ ዋላ`ውን ብዓቢኡ ንሓድነት ሃገር ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ይኹን፡ ብዛዕባኡ ኣብ ጋዜጣታት ክትጽሕፍ ኣይፍቀድን ኢዩ። ከም ገለ እንተ- ተጻሒፉ ድማ "ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ጋግ ናይ ምፍጣር ፈተነ" ዝብል ስም ይወሃቦ። `ዘይሓላፍነታዊ` ድማ ይበሃል። ኣባል ናይ ሓንቲ ንእሽቶ ብሀር ኮንካ "መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ብሀር ናተይ እዝን እዝን ፈጺሙ" ወይ ኣብ ልዕሊ ከምዚ ዝበለ ከባቢ ከምዚ በደል በጺሑ" ኢልካ እንተ ጽሒፍካ፡ ኣብ ክንዲ ሓቅነቱ ምርግጋጽን ምጽራይን፡ ብድብደቡ `ብትሕተ ሃገራውነት` ተኸሲስካ ትእሰር። "ሓላፍነት ዝጎደሎ ስራሕ ሰሪሕካ" ድማ ትበሃል። ስለዚ ንኹሉ`ቲ መንግስትን ሰቡ-ስልጣኑን ዝፍጽምዎ ብልሽዉናን ጸይቅታትን ብቓልዕ ክትዛረበሉ ዝፍቀደካ ኣይኮነን። ዝኾነ ብቓልዕ ዝዝረብ ሓቅነቱ ብዘየገድስ፡ `ዘይሓልፍነትዊ` ኢዩ። ውልቀ-መለኸቲ ነዚ ዝምልከት ከም መፍትሒ ዘቕርብዎ`ውን ኣለዎም ኢዩ። ንሱ ድማ "**ዘለካ ጭብጥታትን መርትዖታትን ስምዒታትን፡ ብጽሑፍ ብዝተማእከለ ኣገባብ፡ ብሰንሰለታዊ መንገዲ ከተመሓላልፎ**" ጥራይ ኢዩ ዝፍቀደካ። ኣብ ሰቡ-ስልጣን መንግስቲ ዝረኣኻዮ ጸይቂ፡ ብዘይ ኣፍልጦ ናይቲ ህዝቢ፡ ብጽሑፍ ጥራይ ናብቶም እቲ መንግስቲ ባዕሉ ዘቐመጦም ታሕተዎት ሓለፍቲ ዘቕረብካዮ ክሲ ድማ መልሱ `ቅኑዕ ፍታሕ` ዘይኮነስ፡ መጭወይትን ስዉር ቅትለትን ጥራይ ኢዩ። እታ `ሓላፍነታዊ` ትብል ሓረግ እምበኣር፡ ሰቡ-ስልጣን መንግስቲ ምእንቲ ጸይቅታቶም ከይቅላዕ፡ ንረብሕኦምን ንረብሓ ናይ ገለ ወገናትን ተባሂላ፡ ነቲ እናፈለጡ ዝፍጽምዎ ብልሹ ምሕደራ፡ ኣብ ቅርዓት ወኢእካ ንኸይትዛረበሉ ተባሂላ ዝኣተወት ምኽና ንስማዒ ክብርህ እፈቱ።*

*“ፕረስ እምበኣር ነጻን ብቐዋም ዝምእዘዝን ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ። እቲ ብሃገር ደረጃ ዝጸድቕ ቅዋም፡ ኣብቲ ንፐረስ ዝምልከት ዓንቀጻቱ ገለ ሃጓፍ እንተ - ጸኒሑዎ ድማ እቲ ባይቶ ወይ ሓጋጊ ኣካል፡ ብናይ ሕጊ ክኢላታት ተሓጊዙ፡ ሓፈሻዊ መምርሂ (guide lines) ይገብረሉ። እዚ ግን ሳሕቲ ዘጋጥም ተርእዮ ኢዩ። ምኽንያቱ እተን ናይ ፐረስ ትካላት ንባዕለን፡ ነቲ ሃገራዊ ቅዋም ተመርኲሰን፡ ናይ ገዛእ ርእሰን ውሽጣዊ ሕግታት የውጽኣን፡ ነቲ ዘውጽኣኦ ውሽጣዊ ሕጊ ድማ ናብቲ ንኣሰራርሓ ፐረስ ዝከታተል ኣካል ናይቲ ባይቶ ይልእከኦ ኢየን። ነቶም ኣብ ትሕቲአን ዝቖጸሩ ጋዜጠኛታት ድማ ንጹር ናይ ኣሰራርሕ ቅጥዒ (code of conduct) ሂበን ኢየን ናብ ስራሕ ዘዋፍረኦም። ልዕሊ ኩሉ ድማ ናይ ፐረስ ትካላት ይኹና ተራ ጋዜጠኛታት፡ ፒሮን ወረቐትን እምበር ክላሽን ዝዓጠቑን ካብ ሕጊ ንምኽዋል ዝዳፍዕሉ ሓይልን የብሎምን።*

*“ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝነብሩ ኩሎም ዜጋታት፡ እንተላይ ጋዜጠኛታትን ናይ ፐረስ ትካላትን፡ ንጸጥታን ርግኣትን ሃገሮም ክሰርሑ ሓላፍነትን ኣለዎም። ጉድለታት ኣብ ዝፍጽምሉ እዋን ድማ፡ ከም ኩሉ ዜጋ ብሕጊ ይሕተቱ። ቅዋም ናይ ሃገር ድማ፡ ንኩሎም ዜጋታትን ትካላትን እምበር፡ ንጋዜጠኛታትን ትካላት ፐረስን ፈልዩ ዘሰክም ሓላፍነት የብሉን።”*

## <u>ኣብ ደምበ ተቓውሞ`ኸ?</u>

ደምበ ተቓውሞ`ውን ኣብ ግሉጽነት ዘለዎ ኣተሓሕዛ፡ ካብ ህግደፍ ዝፍለ ኣይኮነን። ሓንቲ ውድብ /ማሕበር ወይ ምንቅስቓስ፡ ክትገማማዕ ክትጅመር ከላ፡ ኩሉ`ቲ ተዓቂቡ ዝነበረ ሚስጥራታ ኣብ ቃልዕ ወጺኡ ኣብ ፓል- ቶክ ክዝረብ ትሰምዖ። **እቲ ቀንዲ ጸገም ደምበ ተቓውሞ ድማ ግሉጽነት ዘይምህላዉ ኢዩ።**

ህዝባዊ ግምባር ቅድሚ ናጽነት (መንግስቲ ከይተኸለ ከሎ) ግሉጽነት ስለ ዘይነበሮ፡ ድሕሪ ናጽነት ግሉጽነት ኣየተኣታተወን። እዞም ዘለዉና ሓለፍቲ ደምበ ተቓውሞ ድማ፡ ሎሚ ብግልጺ ክንቆጻጸሮምን ግሉጽ ኣሰራርሓ ከም ዝህልዎም እንተ ዘይገርናን ዘየገዲድናዮምን፡ ጽባሕ ንግሆ ስለያን ጸጥታን ምስ ተቖጻጸሩ ዝከኣል ኣይኮነን።

ሎሚ ንህግደፍ ንቃወመሉ ዘሎና ምኽንያት፡ ጉዳይ ሃገር ስለ ዝዓዘዘና ኢዩ። ምእንትኡ ከኣ ኢና ግዜናን ገንዘብናን ነጥፍእ ዘለና። ምስ`ዚ ኩሉ ግን፡ ነቲ ብወረ-ወረ እንሰምዖ ሒመታታት፡ ኣብ ኣኼባታት ኣምጺእና ብግልጺ ኣብ ክንዲ ንዘራረበሉ፡ ሓቅነቱ ብዘየገድስ፡ ከም ዘልዎ ንቕበሎን፡ ናብ ካልኦት ገርሀኛታት ንሸጦን። ሕሉፍ ሓሊፍና ብዓይና ዘረኣናዮ ገዲፍና፡ ዝሰማዕናዮ ንምድጋም ዝቐለና ብዙሓት ኢና። ከይተፈለጠና ድማ ኣገልገልትን ቀንዲ መሳርሕን ናይታ ህግደፍ ዘቖማ፡ ናይ ባዶ ሰለስት ናይ ቅንጸላን ፕሮፖጋንዳን ግዳያት ንኸውን።

***<u>መደምደምታ</u>***፡ - ከምቲ ኣብ መእተዊ ኣርእስተይ፡ `ግሉጽነት ካብ ሰብ ሓዳር፡ ኣሕዋትን ደቂ ሓደ ዓድን ኢዩ ዝጅምር` ዝበልኩዎ፡ ሕጂ`ውን ነዚ ኣብ ውሽጥና ኣትዩ ዝሕምሰና ዘሎ ምትሕምማይን ጸለመን ኣብ ቅሉዕ ኣኼባታት ኮፍ ኢልና ክንዝትየሉን፡ ጌጋታትና ንኻልኣይ ግዜ ከይድገሙ ክንመሃረሎምን ይግባእ።

ግሉጽነት ዘይብሉ ፖለቲካዊ ስራሕ፡ ውዒሉ ሓዲሩ፡ ናብ ምልክን ቅንጸላን ኢዩ ዘምርሕ። ተቓላሳይ ኣብ ግሉጽ ሓሳባት እምበር፡ ንዓድን ሃይማኖትን ዋጋ ኣይህብን ኢዩ። ኣብ ፖለቲካዊ ስራሕ ጌጋ ዝፍጽም ብጻይካ፡ ሓውኻ ወይ መቕርብካ ክትእርምን ከተቃልዕን እንተ ዘይኪኢልካ፡ እቲ ትገብሮ ዘለኻ ፖለቲካዊ ስራሕ ውዒሉ ሓዲሩ ተመሊሱ ንዓኻ ኢዩ ዝሃሲ። እቶም ኣብ 2001 ዓ.ም ዝተኣስሩ ሓለፍቲ ድማ ግዳያት ናይቲ ትማሊ ዘታተዩዎን ጌጋታቱ ዝሸፈኑሉን ስርዓት ኢዮም። ሎሚ ንኻልኦት ክጭፍልቕ ዘመኽነኻሉ ሓላፊ፡ ጽባሕ ተመሊሱ ንዓኻ ክጭፍልቐካ ኣይጽግሞን ኢዩ። `ዘልመድካ ኣይትኽላእ` ኢዩ ነገሩ። ሰብ ኣብ ታሪኽ ኣይነብርን ኢዩ። እዞም ትማሊ ስለቲ ግሉጽን ነጻን ርእይቶኦም ክቡር ህይወቶምን ናብራኦምን ዝሃቡ ሓለፍትን ጋዜጠኛታትን ድማ፡ ብኣካል ተረኺቦም፡ እቲ ንስለ ነጻ ርእይቶኦም ዘሕለፍዎ ስቓይ ክነግሩና`ኳ እንተ ዘይከኣሉ፡ ካብ ታሪኾም ክንመሃር ግን ግዴታ ኣሎንና።

ግሉጽነት ዘይብሉ ውድብ፡ ማሕበር ወይ ምንቅስቓስ፡ ውዒል ሓዲሩ ናብ ምልኪ ኢዩ ዘምርሕ። ቀስ ኢሉ ድማ ኢዩ ዝደክም ወይ ዝበታተን። ናይ ቅኑዕ ፕረስ መሰረት ድማ ግሉጽነት ኢዩ። ኣብ ፖለቲካ፡ ግሉጽነትን ነጻ ፐረስን መዐቀኒ ዲሞክራስያውነት ናይ ሓደ መንግስቲ ወይ ውድብ ኢዮም።